ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት መቐለን ብሓባር ንዘካይደኦ ባዛርን ኤግዜብሽንን “ሰላም ኤክስፖ 2017 /ሰላም ንውሑስ ምስፍሕፋሕ ንግዲ 2017/ ብዝብል ቴማ ካብ 03 ለካቲት ክሳብ 15 ለካቲት 2017 ዓ/ም ብሽም ቻምበራት መቐለ ዓርሱ ክኢሉ በይኑ ኤግዚብሽንን ባዛርን ከካይድ ዝኽእል /Outsource ገይሩ/ ከጫርት ይደሊ፤

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 10, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ቀዳም ታሕሳስ 19, 2017 08:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ቀዳም ታሕሳስ 19, 2017 09:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ማርኬትንግን ፕሮሞሽን ግልጋሎት/

ምልክታ ጨረታ ፕሮሞተራት/ኩነት መዳለውቲ /መተሓባርቲ ባዛርን ኤግዚቢሽንን

ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት መቐለን ብሓባር ንዘካይደኦ ባዛርን ኤግዜብሽንን “ሰላም ኤክስፖ 2017 /ሰላም ንውሑስ ምስፍሕፋሕ ንግዲ 2017/ ብዝብል ቴማ ካብ 03 ለካቲት ክሳብ 15 ለካቲት 2017 ዓ/ም ብሽም ቻምበራት መቐለ ዓርሱ ክኢሉ በይኑ ኤግዚብሽንን ባዛርን ከካይድ ዝኽእል /Outsource ገይሩ/ ከጫርት ይደሊ፤

ስለዚ ፕሮሞተራትን ኩነት መዳለውትን ተመሳሳሊ ፍቓድ ንግዲን ዘለኩም ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ንዕድም፣ ዘድልዩ ረቛሒታት

1. ናይዚ ግብሪ ዘመን ዝተሓደሰ ኣብዚ ዘርፊ ስራሕ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎን IN ዘለዎን VAT ተመዝጋቢ ዝኾነን፣

2. ቅድሚ ሀዚ በዚ ተግባር ዝሰርሐሉ ልምዲ ዝገልፅ መረዳእታን ብዛዕባ ዘቕርቦም ተሳተፍትን ኣፈፃፅማኡን ኣመልኪቱ ፕሮፖዛል ዘቕርብ፣

3. ሕጋዊ ነጋዶ ከሳትፍ ዝክእል፣

4. እቶም ዝቐርቡ ተሳተፍቲ ዝሸጥሉ ዋጋ ትሕቲ መቐለ ስሩዕ ዕዳጋ ክሸጡ ምዃኖም እተረጋግፀለን እትሕተተሉን መስርሕ ዘቕምጥ፣

5. ካብቶም ዝቐርቡ ተሳተፍቲ፣ 50% ኣፍረይትን ኣምፃእትን፣ ናይ ወፃኢ ዓዲ ትካላት ከሳትፍ ዝኽእል፣ እኽልን ጥራምረን፣ ካልኦት መሰረታዊ ሸቐጣት፣ ...ወዘተ ከሳትፍ ዝኽእል/ከምዘሳትፍ ግቡእ ዝኣቱ፣

6. ናይ ቻምበራት መቐለ ኣዳላውነትን ናይተን ቻምበራት ክብርን ሕጋዊ ሓላፍነተንን ዘኽብር፡፡

7. ንማእኸል ኤግዚቢሽን መቐለ ቻምበር ዝኸፈል ናይ ግልጋሎትን ማቴሪያልን ኪራይ ከይሓወሰ ንቻምበራት ዝኸፈል ብፅሒት ዝተሓተ መበገሲ መጠን ገንዘብ ብር 600,000.00 ክኸፍል ዝኽእል፣

8. ተወዳደርቲ ኣብቲ ዝመልእዎ ናይ ጨረታ ቅጥዒ ንመዳለውቲ ቻምበራት መቐለ ክኸፍሉዎ ዝኽእሉ መጠን ገንዘብ ብብር ብንፁር ዘቕምጡ፣
9. ጨረታ መኽበሪ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ብር 100,000.00 ብሽም ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለ ዘትሕዝ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ጨረታ ሰዓሪ ናይ ዝሰዓሮ መጠን ገንዘብ 50% ቅድሚያ ውዕል እንትኣስር ኸፊሉ ዝተረፈ ድማ እቲ ባዛር ኣብ ፍርቂ ምስበፅሐ ክኸፍል ዝኽእል፣

ቻምበራት ንዝቐረቡ መወዳደሪ ሓሳባት ሓቅነቶምን ክትግበሩ ዝኽእሉ ምኺኖምን እቲ ባዛር ኣብ ማእኸል ኤግዚቪሽን ቤት ምኽሪ ንግዲን ዘ/ማ/ትን መቐለ ከምዘካይዱን ዘለዎም ልምዲ ስራሕ ገምጊሙን ዝበለፀን ጠቓሚ ኣካይዳን ኣተገባብራን ብንፁር _ ዘቕረበ ወይ ዘቕርቡ ፕሮሞተራት/መዳለውቲ ኹነት (Promoters or Marketing & Event Organizers) ይምልምላ::

ተወዳደርቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ብር 200.00 ብምኽፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ንግድን ዘ/ማ/ትን መቐለ ወሲዶም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ መወዳደሪ ሓሳቦም ብዝርዝር ኣነፂሮም ናብ ቤ/ፅ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለ የቕርቡ፣ እቲ ጨረታ ዕለት 19/04/2017 ዓ.ም ድ/ቀትሪ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ ቻምበራት ብዘጣየሽኡ ናይ ሓባር ኮሚቴ ጨረታን ክትትል ኤግዚቪሽንን ባዛርን ኣቢለን ኣብቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ተጫረትቲ ኣብዝተረኸቡሉ ይኸፈት::

ዝተሓረየ ተወዳደሪ ቻምበራት ብዘዳለወኦ ናይ ኣፈፃፅማ መተግበሪ መርሃ ግብሪ መሰረት ሰዓራይነቱ ምስተፈለጠ/ምስተገለፀ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ይኣስር፤ በቲ ውዕሊ መሰረት ድማ ናይ ምትግባር ግቡእ ይህልዎ:: ኣብቲ ዝተጠቐሰ 3 መዓልቲ ውዕል ዘይኣሰረ መትሓጃ ዘትሓዞ CPO ናብ ቻምበር ኣታዊ ተገይሩ ሰዓራይነቱ ይስረዝ፣፣

ቻምበራት ነዚ ከይዲ'ዚ ነቲ ዝሓዘኡ ዕላማ ኣብ ምዕዋት ካሊእ ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኺበን ነዚ ጨረታ ውድድር ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰለን ዝተሓለወ እዩ::

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle